ክርስቲያን ከም ካልእ ኵሉ ሰብ ናብ ፈተና ክወድቕ ስለ ዚኽእል፡ ካብቲ ዚፍትኖ ነገር ክርሕቕ ከም ዘለዎ እዩ ዚጠቅስ። ዝኾነ እንገብሮ ነገር ንኽብሪ ኣምላኽ ኪኸውን ከም ዘለዎን ሰባት ከኣ ዘይዕንቅፍ ኪኸውን ከም ዘለዎ ንኣእምሮና ብቓል ኣምላኽ ክነእምኖ ይግባኣና እዩ። ብዘይ ቅድስናውን ገጽ ኣምላኽ ንምርኣይ ከም ዘይንበቅዕ ክንዝክር ይግባኣና እዩ (1ተሰ 4:3-8፡ 1ቈረ5:1፡ 10:32-33፡ ግ.ሃ 24:16፡ 2ጢሞ 2:15፡ እብ 12:14 -17)።

**ብሓፈሻ ኵሉ ሰብ፡ ብፍላይ ከኣ ክርስቲያን ኣዒንቱ ተኸፊቱ ክርኢ እንተ ዚኽእል ነይሩ፡ ንምስጋና እንተ ዘይኰይኑ ንምግሩምራም ዝኸውን ጊዜ ኣይምሃለዎን ነይሩ።**

እትደልዮ ይግበሮም ኣይግበሮም ብዘየገድስ ኪምስገን ይግብኦ እዩ። እግዚኣብሄር እቲ ዘለዎ መለኰታዊ ባህርዩ፡ ድላዩ ኪገብር ስለ ዜኽእሎ፡ ንነገራትውን ብቕጽበት ካብ ምህላው ናብ ዘይምህላው፡ ከምኡውን ካብ ዘይምህላው ናብ ምህላው ኬምጽኦም ስለ ዜኽእሎ፡ ኵሉ ጊዜ ኪምስገን ይግብኦ እዩ። ካልእውን እግዚኣብሄር ዚሓስበልና ሓሳብ ሰናይ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ዘሎናዮ ዘይጽቡቕ ዚመስል ኵነታት ንጽቡቕ ኪጥቀመሉ ከም ዚኽእል ክንሓስብውን ይግባእ። እዚ ሓቂ እዚ ምሉእ ብምሉእ ክርዳኣና እንተ ኹይኑ ግን እግዚኣብሄር ንነገራት ከም ዝርእዮም ጌርና ክንርእዮም፡ እግዚኣብሄር ንነገራት ከም ዘንብቦም ጌርና ከነንቦም ይግባኣና እዩ። ዝያዳ እቲ ዘይጽቡቕ ዚመስል ኵነታት፡ ጐይታ ኣብኡ ምሳኻ ምህላዉን ዘይምህላዉን ጥራይ

## 7. <u>ብኹሉ ምምስጋን ኣብ “ፍቓድ ኣምላኽ” እተሰረተ ትእዛዝ እዩ፦</u>

ንእግዚኣብሄር ምምስጋን ኣምልኾ እዩ። እግዚኣብሄር፡ እግዚኣብሄር ስለ ዝኾነ ጥራይ፡ ነገራት ከምቲ



# <u>ፍቓድ ኣምላኽ</u>

ፍቓድ ኣምላኽ ማለት ኣምላኽ ብፍታዉ፡ ደስ ኢልዎ፡ ተሓጒሱ ዚሓስቦን ዚብሎን ዚገብሮን መደብ እዩ። እዚ ፍቓድ እዚ ካብ ባህርዩ ፈሊኻ ክትርእዮ ስለ ዘይትኽእል ንዘለኣለም ጸኒዑ ዝነብርን ቅዱስን ፍቓድ እዩ። እግዚኣብሄር ንሰብ፡ ኣብ ውሽጢ እዚ ብሉጽ ፍቓዱ ምእንቲ ክነብር እዩ ኢሉ እዩ ፈጢርዎ። እንተ ኾነ ግን ሰብ ነቲ ብሉጽ ፍቓድ ኣምላኽ ገዲፉ፡ ነቲ ሕሱርን ሓላፍን ዝኾነ ፍቓድ ሰይጣንን ዓለምን ስጋኡን ኪመርጽ ከሎ ኢና እንርእዮ።

ኣዳም ብዝመረጾ ሕሱር ዚኾነ ምርጫ፡ ኵሉ ሰብ እኳ ኣብ ሕሰረት ኪወድቕ እንተ ኽኣለ፡ ሳላ ብሉጽ ፍቕርን ምሕረትን እግዚኣብሄር ኣምላኽ ግን፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ከም ብሓድሽ ንኻልኣይ ጊዜ፡ ባዕሉ ኪሕተተሉ ብዝኽእለሉ ዕድል፡ ናይ ምድሓን ደገ ብኢየሱስ ክርስቶስ ተዋሂብዎ እዩ። ሕጂውን እንተ ኹኑ፡ ፍቓድ ኣምላኽ፡ ሰብ ኣብቲ ብሉጽን ህይወት ዘለኣለምን ዜውህብ “ፍቓድ ኣምላኽ” ኪነብር እምበር፡ ዳግማይ ብዜስድዕ ጥበብ ሰይጣን ማለት ብዓለምን ፍትወታን ተጠሊፉ ኪወድቕ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ዘይምኳኑ እዩ ቃል ኣምላኽ ዚነግረና።

**“ዓለም ትሓልፍ እያ፡ ፍትወታ ኸኣ፡ እቲ ንፍቓድ ኣምላኽ ዚገብር ግና ንዘለኣለም ይነብር ።”** (1ዮሃ 2:17)

ከምቲ ንዓለምን ፍትወታን ብመንጽር ፍቓድ ኣምላኽ ምስ ርኣኻያ ክብራን ትሕዝቱኣን ኣዝዩ ዚሓስረካ፡ ከምኡ ከኣ ንፍቓድ ኣምላኽ ብመንጽር ዓለምን ፍትወታን ምስ ርኣኻዩ ክብሩን ትሕዝትኡን ኣዝዩ ኪረዝነካ ግድን እዩ። ነዞም ክልተ ምርጫታት ብዝኾነ መንጽር ርኣዮም ብዘገድስ፡ ፍቓድ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ግን ነቲ ዚኸበረን ዚረዘነን ምርጫ ክንመርጽ እዩ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ንፍቓድ ኣምላኽ ይኹን ንዓለምን ፍትወታን ምሉእ ዚኹነ ኣፍልጦ ካብ ምንባሮም እተላዕለ፡ ነቲ ብሉጽ ዚኹነ ምርጫ ማለት ን "ፍቓድ ኣምላኽ" ኣብ ምምራጽ ኣብነት ኪኹኑና ዚኽእሉ ብሉጻት ኣገልገልቲ ኣምላኽ ኣለዉና። ቅድሚ እዞም ሰባት እዚኦም ምርኣይና ግና፡ ነቲ ንፍቓድ እቲ ዝላኣኾ "ኣቦ" ብምልኣት ዚፈጸመ፡ ፍጹም ኣምላኽን ፍጹም ሰብን ዝኾነ ጐይታናን መድሓኒናን ኣምላኽናን ኢየሱስ ክርስቶስ ክንርኢ ኢና ፦

## 1. ኢየሱስ ክርስቶስ ንፍቓድ ኣምላኽ ዚነበሮ ምእዛዝ

ኢየሱስ ክርስቶስ ዓለምን ፍትወታን ሓለፍቲ ምዃኖም ስለ ዚፈልጥ፡ ንኣና ብቓልን ብግብርን ኣፍሊጡና እዩ። እዚ ምፍላጥ እዚ ንዓለምን ፍትወታን ኪስዕሮም፡ ብፍቓድ ኣምላኽ ከኣ ኪሰዓር ኣኽኢልዎ እዩ። ከምቲ ንዓለምን ፍትወታን ዚሰዓረ ሰብ፡ ብፍቓድ ኣምላኽ ኪሰዓር ግድን ዚኾነ፡ ከምኡ ከኣ እቲ ንፍቓድ ኣምላኽ ዚሰዓረ ሰብ፡ ብዓለምን ፍትወታን ኪሰዓር ግድን እዩ።

ጐይታናን መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ኣብ ዘመኑ ዚነበሩ ዚተፈላለዩ ሰባት ብዛዕባኡ ዚነበረኦም ርድኢት እንታይ እዩ ነይሩ ብዘየገድስ፡ ካብታ ብስጋ ዚተወለደላ ዕለት ጀሚሩ ክሳዕ እታ ዚሞተላ ዕለት፡ "ንፍቓድ ኣቡኡ" ብፍጹም ምግዛእን ምእዛዝን ከም ዜሰመሮ ኢና እንርዳእ። ስለዚ ከኣ እዩ ንኣይሁድ ዕላማ ናይ እቲ ኣብ ማእከሎም ብስጋ ምህላዉ፡ ከምዚ ብምባል ብንጹር ቓላት ዚገለጸሎም፦

*"ኣነ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እምበር፡ ፍቓደይ ምእንቲ ኽገብር ኣይኮንኩን ካብ ሰማይ ወሪደ ዘሎኹ። ንወዲ ርእዩ ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪረክብ፡ ኣነውን ብታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኸተንስኦ፡ እዚ ፍቓድ ኣቦይ እዩ እሞ፡ ካብቲ ንሱ ዝሀበኒ ዘበለ ብታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኸተንስኦ*



ግድን እዩ። ምኽንያቱ ውሽጡ ጥዕዩ፡ ደጊኡ ኪሓምም ዚኽእል

**ቅድስና ንውሽጥናን ንደጌናን ክፉል ኣካላትና ንኣምላኽ ከም ዚበቅዕ ጌርካ ኩተቕርቦ ምኽኣል እዩ። ደጋዊ ነገርካ ማለት ኣከዳድናኻ፡ ኣመሻሸጣኻ፡ ኣዘራርባኻ፡ ኣካይዳኻ፡ ኣመጋግባኻን ካልእን እንተዘይጥዕዩ፡ እቲ ውሽጣዊ ኣካላትካ ዘይጥዓየ ምዃኑ ምልክቱ እዩ።**

## 6. ቅድስና ኣብ "ፍቓድ ኣምላኽ" እተሰረተ ትእዛዝ እዩ፦

ቅድስና ንውሽጥናን ንደጌናን ክፉል ኣካላትና ንኣምላኽ ከም ዚበቅዕ ጌርካ ኩተቕርቦ ምኽኣል እዩ። ደጋዊ ነገርካ ማለት ኣከዳድናኻ፡ ኣመሻሸጣኻ፡ ኣዘራርባኻ፡ ኣካይዳኻ፡ ኣመጋግባኻን ካልእን እንተዘይጥዕዩ፡ እቲ ውሽጣዊ ኣካላትካ ዘይጥዓየ ምዃኑ ምልክቱ እዩ። ብውሽጥኻ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ እንተ ወጺእካ፡ ብደጌኻውን ካብ ፍቓዱ ክትወጽእ ሰብ ስለ ዘየለ። ከም ፈሪሳውያን ብደጊኦም ጽድቂ ዚለበሱ ክሳዕ ዚመስሉ ደጋዊ ቅድስና ዘለዎም ሰባት ግን ውሽጣዊ ርኽሰትን ዓመጽን ዘለዎም ሰባትውን ኣይሳኣኑን እዮም (ማቴ 23:27-28)።

ሃዋርያ ጳውሎስ "ፍቓድ ኣምላኽ" ቅድስናኹም እዩ ኢሉ ንሰብ ተሰሎንቄ ምምሃሩ፡ ኣብ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን ብሓፈሻ ጕድለት ናይ ስነ ምግባር ከም ዚነበረ፡ ብፍላይ ከኣ ንጽህና ብዙሕ ኣገዳሲ ዘይምዃኑ ይንገር ስለ ዚነበረ እዩ።

ዝነውሐ ጉዕዞ ጥፍኣት ምስ እትጓዓዞ፡ እቲ ዝሓጸረ መገዲ ክተርፈካ ግድን እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ ንድሕሪት ክምለስሉ ኣብ ዘይክእለሉ ቦታ ርሒቀት ከይበጽሑ ከለዉ፡ ንህይወቶም ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ከም ዝኾነ መርሚሮም ክፈልጡላ ከም ዘለዎም ዜዘኻኽሮም ዘሎ። ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ እንታይ ምኳኑ ዘይምፍላጥን ዘይምስትውዓልን "ዓሻ" ተባሂልካ ከም እትስመ ዝገብረካ፡ ዓቢ ናይ ህይወት ሃጓፍ ምኳኑ እዩ ቃል ኣምላኽ ዚነግረና። "ዓሻ"፡ ማለት እቲ ንፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወቱ ዘየስተውዕል ሰብ፡ መንግስቲ ኣምላኽ ከም ዘይወርስ ጐይታ ዚመሃሮ ሓቂ እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ምረትን ሳዕቤንን ናይ "ዕሽነት" ማለት፡ ንፍቓድ ኣምላኽ ጕሲኻ፡ ብፍቓድ ርእሰኻ ምምልላስ፡ ሓለፋ ዝኾነ ካልእ ሰብ እዩ ዚፈልጦ፡ ስለዚ ከኣ እዩ ናብ ከምኡ ዝዓይነቱ ናብራ ወይ ህይወት ፍጹም ኪምለሶ ዘይደለየ። ንቶም ኪምለሱ ምርጫኦም ዚገብሩ ከኣ፡ ከምቲ እቲ ምስላ ሓቂ፡ ከልቢ ናብ ትፍኡ ተመልሰ፡ ሓሰማውን ተሓጺባስ ኣብ ጸብሪ ኣንገርገረት ዚብሎ ቃል ኣብ ህይወቶም ስለ እተፈጸመ፡ ብጓሂ ስሊኦም ካብ ምጽላይ ሓሊፉ ዚገብሮ ነገር ከም ዘይነበሮ ኢኻ እትርዳእ (ሮሚ 12:2፡ ኤፌ. 5:17፡ 2ጴጥ 2:22)።

5. **ምድሓንና ናይ ጥንቲ "ፍታውን ፍቓድን እግዚኣብሄር" እዩ፦** ሰብ ክድሕን ስለ ዝደለየ ጥራይ ክድሕን ከም ዘይክእል፡ ከምኡውን እግዚኣብሄር ደገ ምድሓን እንተ ዘይከፈትዎ፡ ዚኾነ ካልእ ፍጡር ክኸፍቶ ከም ዘይክእል እዩ ጳውሎስ ዚምህር። እቲ ስልጣን ናይ ምድሓን፡ ኣብ እግዚኣብሄር እምበር ኣብ ሰብ ዘይምኳኑ እዩ ቃል ኣምላኽ ዚምህር። እግዚኣብሄር ኣምላኽ መሓሪ ስለ ዚኾነ፡ ኲሉ ሰብ እዩ ክድሕን ዝደሊ። እዚ ከኣ ናይ ጥንቲ ፍታዉን ፍቓዱን እዩ (ገላ 1:4፡ ኤፌ. 1:5,11፡ 1ጢሞ 2:1-4) ።



***እምበር፡ ሓደ እኳ ኸይጠፍእ፡ እዚውን ፍቓድ እቲ ዝላኣኸኒ እዩ።" (ዮሃ 6:38-40)***

ብፍቓድ ኣምላኽ ዚተሳዕረ ሰብ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ንእኡ "***ዕለታዊ መግቢ ወይ ብልዒ***" እዩ። ብልዒ ጐይታናን መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ፍቓድ ናይ እቲ ዚላኣኾ "**ኣቦ**" ኣብቲ ዚተዋህቦ ዘመን ኪገብርን ኪፍጽምን ጥራይ እዩ። ኵሎም እቶም ንስጋ ዚጠቕሙ ብልዒን መስተንውን ከይተረፉ፡ ጐይታ ኪበልዖምን ኪሰትዮምን ከሎ፡ ነቲ ዚዓበየ "ፍቓድ ኣምላኽ" ንምፍጻምን ንምፍጣንን እምበር ብርእሶም ቀንዲ ዕላማ ናይ ምንባር ስለ ዚነበሩ ኣይኮኑን (ዮሃ 4:7,31፣ ሉቃ 15:2፣ ዮሃ 17:4)።

ደቀ መዛሙርቲ ጐይታ፡ ብዛዕባ እዚ "ብልዒ" እዚ ጉቡእ ዚኾነ ኣፍልጦ ከም ዘይነበሮም፡ ጐይታ ይፈልጥ ስለ ዚነበረ ከምዚ ብምባል ይዛረብ ፦ "***ኣብ መንጎ እዚ እቶም ደቀ መዛሙርቲ፡ መምህር፡ ብላዕ፡ ኢሎም ለመንዎ። ንሱ ኸኣ፡ ኣነስ ንስኻትኩም ዘይትፈልጥዎ ዝበልዖ ብልዒ ኣሎኒ፡ በሎም። እቶም ደቀ መዛሙርቲ ንሓድሕዶም፡ ሰብ ደኾን ገለ ዚብላዕ ኣምጺኡሉ ኾይኑ፡ ተበሃሃሉ። የሱስ በሎም፡ ብልዐይሲ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ ኽገብር፡ ዕዮኡውን ክፍጽም እዩ።" (ዮሃ 4:31-34)።***

ጐይታ ኣብ ዘመኑ መዓልታዊ ነዚ ፍቓድ እዚ ምምጋቡ ንዓለምን ፍትወታን ንኺስዕራ ኣኽኢልዎ እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ንደቀ መዛሙርቱ "***ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ***" ብምባል ዓወቱ ኣብ ልዕሊ ዓለምን ፍትወታን ብወግዒ ዚገለጸ። ጐይታ ነቲ ኣብ መንጎኡን መንጎ ዓለምን ፍትወታን ዚነበረ ውግእ፡ ንደቀ መዛሙርቱ ከይጠቀሰሎም ኣይሓለፈን። እቲ ውግእ ዋላውን ይበርትዕ፡ እቲ ዓወት ግን ናቱ ከም ዚኾነ እዩ ኣነጺሩ ተዛሪቡ። ብርግጽ ከኣ ጐይታ ኣብ ልዕሊ ዓለምን ኵሉ ፍትወታን ተዓዊቱ እዩ፦

"***ካብ ሽዑ የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ናብ የሩሳሌም ኪድይብ፡ ብዓበይትን ብሊቃውንቲ ኻህናትን ብጸሓፍትን ብዙሕ ሓሳረ መከራ ኺጸግብ፡***

***ኪቕተል፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ኪትንስእ ከም ዚግብኦ፡ ኪገልጸሎም ጀመረ።" (ማቴ 16:21)።***

እዚ ናይ ጐይታ ዓወት፡ ናይ እቶም ብሓቂ ደቀ መዛሙርቱ ዝኾኑና ኣመንቲ ዓወት እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ **"ኣብ ዓለም ጸበባ ኣሎኩም። ግናኸ ኣጆኹም፡ ኣነ ንዓለም ሰዒረያ እየ።"** ብምባል ቃል ብሰራት እተዛረበ። ኣብ ዓለም ጸበባ ከም ዘሎና ጐይታ ምሂሩን ተዛሪቡን እዩ። እንተ ኾነ ግና እቲ ናቱ ዓወት ዓወትና ስለ ዝኾነ ኣጆኹም ኢሉና እዩ። እዛ ጐይታ "ኣጆኹም" ዚበላ ምባል፡ ንሰለ ምባል ዚበላ ዘይኰነስ፡ ትብዓትን ሓይልን ፈጢራ፡ ኣንጻር ኵሉ ሓይሊ ሰይጣን ብእምነት ደው ኢልና ንኽንስዕር ዚበላ ቃል ምዃና ክንርዳእ ይግባእ (ዮሃ 16:32-33)።

ጐይታ ኢየሱስ፡ ዓለምን ፍትወታን ንፍቓድ እቲ ዚላኣኾ ኣቦ ምእንቲ ከይፍጽም ብዘለወን ዓቕሚ ኪዋግእኦ ከም ዚኾና ኣርጊጹ ይፈልጥ ነይሩ እዩ። እንተ ኸኢለን ኬሰድዕያ እንተ ዘይክኢለን ከኣ ፊት ንፊት ኪዋግኣኡ ምዃነን ፍጹም ኣይሰሓቶን። ሜላ ናይ ዓለምን ፍትወታን ዚኾነ ይኹን፡ ጐይታ ግን ንኹሉ ንቑሕ እዩ ዚነበረ። እዛ ንቕሓት እዚኣ ከኣ እያ ናብ ፍጹም ዓወት ከተብጽሖ ዚኻኣለት። ሰይጣን ቅድም ባዕሉ፡ ደሓር ከኣ ከይሰለጦ ምስ ተረፈ ኣብ ሰባት ብምሕዳር፡ ጐይታ ንፍቓድ ኣምላኽ ብምልኣት ንኸይፍጽም፡ ንዓለምን ፍትወታን ብምጥቃም ብዙሕ እዩ ፈቲኑ። ገለ ካብኡ፦

1. <u>**ሰይጣን ብቀጥታ ባዕሉ ዚፈተኖ ፈተና**</u>

ሰይጣን ነቲ ባዕሉ ብገዛእ ርእሱ ጽሑፍ ወይ ቃል ዚኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ "ጽሑፍ" እዩ ኢሉ ኪፍትኖ ምሕሳቡ እንታይ ዓይነት ድርቐና ከም ዚነበሮ ምግማቱ ዜሸግር ኣይኰነን። ሰይጣን ክፋል ዚኾነ ጽሑፍ ኪፈልጥ ከሎ፡ ኢየሱስ ግን ባዕሉ እቲ ጽሑፍ እዩ። እቲ ፈታኒ "ጽሑፍ" ኣሎ ኢሉ ኪፍትን ከሎ፡ ኢየሱስ ክርስቶስውን "ጽሑፍ" ኣሎ ኢሉ



30,31፡ 1ቈረ 11:1)።

4. "<u>**ፍቓድ ኣምላኽ" ክንፈልጦ ትእዛዝ ኣምላኽ ምዃኑ ሃዋርያ ጳውሎስ ይጠቅስ**</u>፦ ነቶም ሓደ ጊዜ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወቶም እንታይ ምዃኑ ፈሊጦም ንክርስቶስ ዚሳዓቡ ክርስቲያናት ሰብ ሮሜን ኤፌሶንን፡ ሕጂውን ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወቶም መዓልታዊ ኪፈልጥዎ ከም ዚግብኦም፡ ብመልክዕ ሃዋርያዊ ትእዛዝ ኣዚዝዎም እዩ። ምኽንያቱ ሓንሳእ ብክርስቶስ ሕድገት ሓጢኣት ረኺብካ፡ ብእኡውን ውሉድ ኣምላኽ ክትከውን ዜኽእለካ ፍቓድ ኣምላኽ ረኺብካ ክነስኻ፡ ግን ኣብ መዓልታዊ ህይወትካ ንፍቓዱ ክትከዶን ክትነብሮን ይግባኣካ፡ እንተ ዘይኰይኑ ግን ነዛ ዓለም እዚኣ ክትመስላ ጥራይ ዘይኰንካስ፡ ንርእስኻ ዓለም ክትከውን ዘሎካ ተኽእሎ ገፊሕ እዩ። ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጺእካ ንዓለም ክትመስላ እንተ ዘይከቢድካ፡ ካብ ንዓለም ምምሳል ሓሊፍካ ዓለምውን ንኽትከውን ብዙሕ ኣይክኸብደካን እዩ። ምኽንያቱ እቲ ዳሕረዋይ ርሕቀት ካብቲ ቀዳማይ ርሕቀት ኣዝዩ ዝውሓደን ዝሓጸረን እዩ። እቲ ክትብሎን እንተ ዘይክኢልካ፡ ንዘለኣለም ዚጸንዕ ሕድገት ሓጢኣትን ውልድነትን ኪህልወካ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ብህይወት ጀሚርካ ብሞት ምእንቲ ከይትውድእ፡ ኣእምሮኻ በቲ ንፍቓዱ ዜፍልጠካ ቃሉን መንፈሱን ጌርካ ከተሐድሶ

**ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ እንታይ ምዃኑ ዘይምፍላጥን ዘይምስትውዓልን "ዓሻ" ተባሂልካ ከም እትሰመ ዝገብረካ፡ ዓቢይ ናይ ህይወት ሃጓፍ ምዃኑ እዩ ቃል ኣምላኽ ዚነግረና።**

ባዕሎም ንገዛእ ርእሶም ሃዋርያት ኢሎም ዚሾሙ ከኣ ድሮ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ስለ ዚወጹ ሃዋርያት ሓሶት ተባሂሎ ከም ዚጽውዑ፡ ሃዋርያ ጳውሎስ ይጠቅስ (1ቈረ 1:1፡ 2ቈረ 1:1፡ ኤፌ 1:1፡ ቈሎ 1:1፡ 2ቈረ11:13-15፡ ሮሜ 1:1)።

## 3. ንዕዩ ኣምላኽ ካብን ናብን ኪመላለስ ከሎ ብ "ፍቓድ ኣምላኽ" እዩ ዚምራሕ ነይሩ፦

> **ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ኵሉ ኣገልግሎቱ ንሰጋኡ ከየኽበረ፡ ንኹሉ ብወንጌል ንዚመጽእ መከራ ንምቕባል ርእሱ ድልውቲ ኪገብራ ምኽኣሉ፡ ካብቲ ንጐይታ ኬምስሎ ዚኻኣለ ባህርይ እዩ።**

ነፍሲ ወከፍ ጕዕዞ ናይ ህይወትካ ብፍቓድ ኣምላኽ ክትምራሕ ምኽኣል፡ ማዕረ ኽንደይ ቀረባ ኣምላኽ ምዃንካ ዜብርህ ምዃኑ ርዱእ እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ኵሉ ጕዕዞ ህይወቱ፡ ወንጌል ምስባኽውን እንተ ኾነ መሪሕነትን ፍቓድ ናይ ጐይታ እዩ ዜቐድም ዚነበረ። ብመጠን እቲ ንጐይታ ዚደልዮ ከኣ፡ ጐይታ ይርከበሉ ነይሩ እዩ (ሮሜ 1:10፡ 15:32፡ ግ.ሃ 18:21፡ 21:14)።

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ኵሉ ኣገልግሎቱ ንሰጋኡ ከየኽበረ፡ ንኹሉ ብወንጌል ንዚመጽእ መከራ ንምቕባል ርእሱ ድልውቲ ኪገብራ ምኽኣሉ፡ ካብቲ ንጐይታ ኬምስሎ ዚኻኣለ ባህርይ እዩ። ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚ፡ ናብ ኢየሩሳሌም እንተ ደይቡ ኬጋጥሞ ዚኽእል ከቢድ መከራ ብነብያት ኪንገሮ እኳ እንተ ኽኣለ፡ ንገዛእ ርእሱ ካብ መከራ ከየርሓቐ፡ እኳ ደኣ ነቲ መከራ መስቀል ብምቕባል፡ ወንጌል ካብ ኢየሩሳሌም ክሳዕ ሮማ ኬስፍሕ እዩ ምስ ጐይታ ተሰማሚዑ (ሉቃ 13:33-35፡ 19:28,41፡ ግ.ሃ 8:1፡ ማቴ 16:21-23፡ ግ.ሃ 20:22-24፡ 21:4,7-14፡ 23:11፡ 28:7-15,17,



ኣንጻሩ ኪምልስ ምኽኣሉ ምሉእ "ፍቓድ ኣቦ" እዩ ዚነበረ። እዚ ከኣ ንኣና ክርስቲያናት ዓቢይ መልእኽቲ እዩ። እቲ "ጽሑፍ" ማለት "ቃል ኣምላኽ" እንታይ ከም ዚብል ብጉቡእ ክንፈልጦን ኣንጻር እቲ ፈታኒ ከኣ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ክንጥቀመሉ ከም ዘግባኣና እዩ ዜዘኻኽረና። ብፍላይ እታ ሳልሰይቲ ፈተና ናይ ሰይጣን፡ ናብ ኣዝዩ ነዊሕ እምባ ወሲዱ፡ መንግስታት ኵሉ ዓለምን ክብሮምን ንጐይታ ከም ዜርኣዮ እዩ እቲ ጽሑፍ ዚምስክር። እዚ ከኣ ሰይጣን ማዕረ ኽንደይ መሰድዕን መታለልን ምዃኑ በቲ ሓደ ወገን፡ ጐይታ ኢየሱስ ከኣ ማዕረ ኽንደይ ንቕሑን መስተውዓልን ምዃኑ በቲ ኻልእ ሸነኽ ዜጕልሐ ፈተና እዩ።

ክብሪ ናይ ዓለምን ፍትወታን ንዘለኣለም ከም ዚነብር ኣምሲሉ፡ ሰይጣን ንጐይታ ከርእዮ ምፍታኑ፡ ኣዝዩ ሓደገኛን ክፋእን ኣምስሉን ተንኮለኛን ዚኾነ ዉዱቕ ፈታኒ ከም ዚኾነ እዩ ዜዘኻኽረካ። ካብ ጥበብን ሓይልን ናይ ሰይጣን ግን፡ ጥበብን ሓይልን ናይ ኢየሱስ ስለ ዚበልጽን ስለ ዚዓብን፡ ኵሉ ውዲቱ ፈሺሉ ክተርፍ ከሎ ኢና እንርኢ። ኵሉ ክርስቲያን እዚ ናይ ክርስቶስ ጥበብን ሓይልን ብመንፈስ ቅዱስ ኣቢሉ ኪለብሶ፡ ኣንጻር እቲ ፈታኒ ከኣ ጸብለል ኢሉ ኪወጽእ፡ ፍጹምን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እዩ (ማቴ 4:1-11፣ እብ 4:12፣ ኤር 15:16፣ ህዝ 2:8-3:4)።

## 2. ሰይጣን ብኣይሁድ ጌይሩ ዚፈተኖ ፈተና

ኣብ ታሪኽ ነገስታት ናይ ዓለም እንተ ርኣና፡ ህዝቢ ንሓደ ካብ ህዝቦም ኣንጻር ድሌቱ መንዚዖም ኬንግስዎ ኪደልዩ፡ በቲ ሓደ ወገን፡ ህዝቡ ክሳዕ ክንድኡ ንንግስነት ብሂግዎ ክነሱ፡ ግን ከኣ ንንግስነት ዚተሓሰመ ውልቀ ሰብ በቲ ኻልእ ወገን፡ ተራእዩ ኣይፈልጥን። ታሪኽ ነገስታት ናይ ዓለም ሰኒድዎ ዘሎ ሓቂ ብኣንጻሩ እዩ።

ናይ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስን ፍቓድ ግን ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ዓለም ሰኒዳቶ ዘላ ታሪኽ ናይ ነገስታት ኣዝዩ ዚተፈለየን

ብኣንጻሩን እዩ። ኣይሁድ ብምኽንያት እቲ ኣብ ሕሙማት ዚገበሮ ተኣምራትን ንልዕሊ 5000 **ዚኾኑ ሰባት ብሓሙሽተ ጎጎ ስገምን ክልተ ዓሳን** በሊዖም ክሳዕ ዜትርፉ ተኣምራት ምርኣዮምን ኪገብረሎም ከም ዚግብኦ ይፈልጥ እኳ እንተ ነበረ፡ ብፍላይ ድማ ምስቲ እስራኤላውያን ንኣዝዩ ነዊሕ ዘመናት መሪሕነትን ኢድን ናይ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከይረኣዩ ምጽንሖምን፡ ብኣንጻሩ ጭካነ

**ብኣንጻሩ ከኣ እዩ፡ ናብ ከረን ገጹ ከም ዜግለሰ እቲ ጽሑፍ ዚነግረና። እዚ ምግላስ እዚ፡ ኢየሱስ ነቲ ምድራዊን ሓላፍን ዚኾነ ንግስነት ናይ ዓለምን ተራ ዚኾነ ስምዒት ሰብን ከም ዚሰዓሮ እዩ ዜብርህ።**

“***መንዚያም ኬንግሰዎ***” ክሳዕ ዚደልዩ እዮም ልቦም ተደሪኹ።

ሰይጣን ሓደ ጊዜ ብቐጥታ መጺኡ ንዝፈተኖ ፈተና ብዛዕባ “***መንግስታት ዓለምን ዘለወን ክብረንን***” ስለ ዘይሰለጦ ሕጂውን ኣብ ትሕቲ እቲ ሕሱም መግዛእቲ ናይ ሮማ ዚቕጥቀጥ ዚነበረ ህዝቢ ኣይሁድ፡ ንንግስነት ኪምንዛዕ ከም ሓሳብ ኪሕሰበሉ ምኽኣል ቀሊል ፈተና ኣይነበረን። ምኽንያቱ ኢየሱስ ክርስቶስ ብስጋ ኣይሁዳዊ ከም ምዃኑ መጠን እቲ ንኣይሁድ ዚወርዶም ዚነበረ ጸቕጢ ከም ሰብ ኪሰምዖ ግድን እዩ። ብዙሕ ሓለፋ ዚመልኦ መግዛእቲ ሮማ ዜሶዓቦ ጥሜትን ጽምእን ዕርቃንን ደሚርካ፡ ብኸምዚ ዚዓይነቱ ቅብኣት ዚተገልጸ ነብዩ፡ ኣብዚ ህዝቢ እዚ ኪህልዎ ዚኽእል ቦታ እንታይ ከም ዝመስል ምርድኡ ዜሸግር ኣይኰነን። ከም ዝኾነ ተራ ሰብ፡ ነቲ ዘለዎ ጸጋ ተጠቂሙ ንጽቡቕ ዝኾነ ፍቓድ ኣዴኡ ኣሕዋቱ ቤተሰቡ ህዝቡ ኪጥቀመሉ ምኽኣለ ነይሩ። ግን ዝኾነ ዓይነት ስምዒት ይሰምዓዮ፡ ደረቱ ዝሓለፈ፡ ማለት ካብ “ፍቓድ ኣቡኡ” ወጻኢ ዝኾነ ሓለፋ ንኽገብረሎም ሕሊናኡን ዕላምኡን ዜፍቅደሉ ዘይምንባሩ ግሉጽ ሓቂ እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ



ኣምላኽ ዚረኸበላን ዚተቐበላን ፍጻሜ እያ። ስለ ዚኾነ ድማ ሓደ ኣዝዩ ኣገዳሲን ብሉጽን ዚኾነ ሕቶ ንጐይታ ሓተቶ “**ጳውሎስ ከኣ እና ኣምበድበደን እናፈርሄን፡ ጐይታይ፡ እንታይ ክገብር ትደሊ ኣሎኻ፧**”። ከምዚ ኢሎም ብግርህና ሕቶኦም ንዜቕርቡ ሓተትቲ፡ ጐይታ ምሉእ መልሲ ኣለዎ። ፍቓድ ኣምላኽ ንኽይፈልጥ ኣዒንቱ ንዓመታት ጋሪድዎ ዚነበረ “ቅራፍ” ብታኣምራት ምስ ወደቐሉ፡ ደጊሙ ነቲ ዑረት እቲ ኪምለሶ ክሳዕ ዘይክእል፡ ኣብ ምሉእ ብርሃን ኪመላለስ እዩ መሪጹ። ድሕሪ እዚ ቅራፍ ካብ ኣዒንቱ ምግላሱ፡ መዓልታዊ ፍቓድ ኣምላኽ ብምፍላጥ እናዓበየ ስለ ዝኸደ፡ እናበርተዐን እናሓየለን ኪኸይድ ከም ዚኻኣለ እዩ ዚምስክር። ኣብ ፍቓድ ኣምላኽ ዚነበሮ ዑምቀት ምርዳእን ምእዛዝን እንታይ ከም ዝመሰል ሓደ ብሓደ ክንርእዮ ኢና ፦

1. **<u>ጳውዒቱ “ፍቓድ ኣምላኽ” ንኽፈልጥ እዩ</u>፦** እዚ እቲ ቀንድን ፈላምን ምኽንያት ናይ ጳውዒቱ እዩ። ምኽንያቱ ንፍቓድ ኣምላኽ ከይፈለጥካ፡ ንኣምላኽ ከተገልግሎ ስለ ዘይትኽእል። ምናልባት ነዚ ንጉሳዊ ፍቓድ ከይፈለጥካ፡ ብድፍረት ከተገልግልውን ይካኣል እዩ፡ ግን ዓሰቡ ከቢድ ፍርዲ እዩ። ምኽንያቱ ፍቓድ ኣምላኽ ከይፈለጥካ፡ ንኣምላኽ ዜሐጉስ ኣገልግሎት ከተገልግል ፍጹም ዘይሕሰብ እዩ። ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ሰብ ንፍቓድ ኣምላኽ ከይፈለጥካ ብድፍረት ምግልጋል ዚተመኩሮ ሰብ እንተ ነይሩ ከኣ ባዕሉ ጳውሎስ እዩ ዚነበረ። (ግ.ሃ 22:14 -15፡ 1ጢሞ 1:13)።

2. **<u>ሃዋርያ ንኽኸውን ብ “ፍቓድ ኣምላኽ” እዩ ተጸዊዑ</u>፦** ሰብ ብናቱ ሓይልን ክእለትን ይትረፍ ሃዋርያ፡ ካልእውን ኪኸውን ከም ዘይክእል ቃል ኣምላኽ ዚምስክሮ ሓቂ እዩ። እቶም

***ኬድሕን መጸ’ ዚብል ቃል እሙን እዩ፡ ብምሉኡ ኽንቅበሎ ዚግባኣና ቓል እዩ። ካብ ኵሎም ሓጥኣን ዝገደደ ኸኣ ኣነ እየ።” (1ጢሞ 1:15)***

ጐይታ ኢየሱስ ብባህርዩ ዕጉስን መሓርን ለዋህን ስለ ዚኾነ ከምቲ ንሳኦል ናይ እምነ ልቢ ዚለወጠሉ፡ ብኽምኡ ከኣ ንሳውል ኪበጽሖ ፈተወ። ብሓቂ ከኣ ብፍሉይ ዚኾነ ብምጻሕ በጺሕዎ እዩ። ንማሕበር ኣምላኽ ንምጽራር ብፍጥነት ናብ ደማስቆ እናተጓዕዘ እንከሎ ብድንገት ጸዳል ካብ ሰማይ ኣብ ዙርያኡ ከም ዜንጸባረቐን፡ ብኡ ንብኡ ከኣ ናብ ምድሪ ከም ዚወደቐን፡ ሳውል ሳውል ንምንታይ እትሰጎኒ ዚብል ድምጺ ከም ዚሰምዔ ከኣ ይምስክር። ነዚ ድምጺ እዚ ሸለል ከይበለ ከኣ “ጐይታይ መን ኢኻ፧” ዚብል ሕቶ ኣሰዒቡ ከም ዚሓተተ እሞ “**ኣነ እቲ ንስኻ እትሰጎ ዘሎኻ የሱስ እየ። ኣብ ኣንፈ ብልሒ እንተ ኣድሓርሓርካ፡ ንርእስኻ እዩ ዚገድኣካ።**” ዚብል ምላሽ ከም ዚተቐበለ ይዛረብ። ድሕሪ እዛ ፍጻሜ እዚኣ እምበኣር እዩ፡ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣዒንቱ ቋሕ ኢለን ኣእዛኑውን ተኸፊተን ነቲ “**ምሉእ ፍቓድ ኣምላኽ**” ኪርእይኦን ኪሰምዕያን ዚኻኣላ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ንመጀመርያ ጊዜ ምሉእ ብምሉእ ብግልጺ ንፍቓድ

**“ጳውሎስ ከኣ እና ኣምበድበደን እናፈርሄን፡ ጐይታይ፡ እንታይ ክገብር ትደሊ ኣሎኻ፧” ። ከምዚ ኢሎም ብግርህና ሕቶኦም ንዜቕርቡ ሓተትቲ፡ ጐይታ ምሉእ መልሲ ኣለዎ። ፍቓድ ኣምላኽ ንኽይፈልጥ ኣዒንቱ ንዓመታት ጋሪድዎ ዚነበረ “ቅራፍ” ብታኣምራት ምስ ወደቐሉ፡ ደጊሙ ነቲ ዑረት እቲ ኪምለሶ ክሳዕ ዘይክእል፡ ኣብ ምሉእ ብርሃን ኪመላለስ እዩ መሪጹ።**



እቲ ተራ ሰብ ኪሰምዮ ዝኽእል ሰምዒት ሓይሉ ካብ ፍቓድ ኣቡኡ መንዚዑ ኬውጽኦ ዘይካኣለ። ብኣንጻሩ ከኣ እዩ፡ ናብ ከረን ገጹ ከም ዜግለሰ እቲ ጽሑፍ ዚነግረና። እዚ ምግላስ እዚ፡ ኢየሱስ ነቲ ምድራዊን ሓላፍን ዚኾነ ንግስነት ናይ ዓለምን ተራ ዚኾነ ሰምዒት ሰብን ከም ዚሰዓሮ እዩ ዜብርህ። እቲ ምኽንያት ከኣ፡ ኣቦ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ኪልእኮ ኸሎ፡ ንጉስ ናይ ኣይሁድ ምእንቲ ንኽኸውን ዘይኮነስ፡ ስለ ዓለም በጃ ንኽኸውን ምዃኑ ኣርጊጹ ይፈልጥ ስለ ዚነበረ እዩ (ዮሃ 6:1-15፣ 18:36-38፣ ማቴ 10:37-39፣ ሮሜ 8:11፣ ሮሜ 9:1-5፣ ግ.ሃ 13:44-52፣ ዮሃ 1:1) ።

ጐይታናን መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቶም ዚስዕብዎ ዚነበሩ ብዙሓት ሰባት ግልጽ ኢሉ “***ናባይ ዚመጽእ እንተሎ እሞ ኣቦኡን ኣዲኡን ሰበይቱን ደቁን ኣሕዋቱን ኣሓቱን፡ ህይወቱውን ከይተረፈት፡ እንተ ዘይጸልኤ፡ ወደ መዝሙረይ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ። መስቀሉ ዘይጸውር እሞ ደድሕረይ ዘይሰዕብ ዘበለ፡ ወደ መዝሙረይ ኪኸውን ኣይክእልን።” (ሉቃ 14:25-27፣ ማቴ 10:32-39)*** ብምባል ከም ዝማሃሮም ኢና ንርኢ። ጐይታ እዚ ትምህርቲዚ ወይ ትእዛዝዚ ኪምህር ከሎ፡ ዘይ ከም ፈሪሳውያንን ጸሓፍትን ብግብሪ ዚገበሮን ዚፈጸሞን ሕጊ እዩ ብቓል ዚምህረሉ ዘሎ። ጐይታ ከም ፍጹም ሰብ መጠን ክንርእዮ ከሎና ንፍቓድ እቲ ዝላኣኾ ሰማያዊ ኣቡኡ ንኽፍጽም፡ ናቱ ውልቃዊ ምሟት ጥራይ ኣይኮነን ኣኽፊልዎ፡ ናይታ ብርኽቲ ኣዲኡ ህይወትውን ከይተረፈ ኬኽፍሎ ክሳዕ ዜኽእሎ ጉዕዞ እዩ ተጓዒዙ። ምኽንያቱ ፍቓድ እቲ ዚላኣኾ ሰማያዊ ኣቡኡ ከይተፈጸመ ካብ ዚተርፍ ሰይፊ ኣብ ህይወት ኣዲኡ ንኽኣቱ እዩ መሪጹ። እዚ ምርጫዚ ዜርእየና፡ ጐይታ ኣብ ልዕሊ ኣዲኡ ንዚነበሮ ጭኻኔ ዘይኮነስ፡ ፍቓድ እቲ ዝላኣኾ ሰማያዊ ኣቡኡ ግን፡ ልዕሊ ዚኾነ ይኹን ካልእ ፍቓዳት ምንባሩን፡ ንእኡ ዚነበሮ ምእዙዝነትን እዩ፦

***“ዎ ጐይታይ፡ ነቲ ንምብራህ ኣህዛብ ብርሃን፡ ንህዝብኻ***

***እስራኤልውን ክብረት ምእንቲ ኪኸውን፣ ኣብ ቅድሚ ኹሉ ህዝቢ ዘዳለኻዮ ምድሓንካ ኣዒንተይ ካብ ረኣያስ፣ ሕጂ ኸምቲ ዘረባኻ ንባርያኻ ብሰላም ተፋንዎ ኢኹ፣ በለ። ዮሴፍን ኣዲኡን ከኣ በቲ ብዛዕባኡ እተባህለ ነገር ተገረሙ። ስምኦን ከኣ ባረኾም፣ ነዲኡ ማርያም ድማ፣ እንሆ፣ እዚ ንብዙሓት ኣብ እስራኤል ንምውዳቕምን ምትንሳኦምን ንትእምርቲ ምጽራርውን ንቡር እዩ። ንኣኺ ድማ፣ ሓሳብ ልቢ ብዙሓት ምእንቲ ኺገሃድ፣ ናብ ነፍስኺ ሰይፊ ኺኣቱ እዩ፣ በላ።" (ሉቃ 2:34,35)።***

ጐይታ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ብሓፈሻ ኵለን ዕድሚኡ፣ ብፍላይ ከኣ እተን ምስ ደቀ ማዛሙርቱ ኣስታት ሰለስተ ዓመትን ፈረቓን ዜሕለፈን ዓመታት ክንርኤን ከሎና፣ ዕላማ ምምጽኡ ናብዛ ምድሪ እዚኣ፣ ፍቓድ ኣቦኡ ኪፍጽም ከም ዚኾነ ብንጹር ገሊጽሎም እዩ። ግን ናቱ ምምጻእ ጥራይ ዘይኮነስ እቲ ናቶም ንእኡ ዕላማ ምስዓቦምውን ን "**ፍቓዱ**" ምእንቲ ኪፍጽሙ ኪኸውን ከም ዘለዎ ኣነጺሩ ተዛሪቡ እዩ።

ስለዚ ንሕና ነፍሲ ወከፍና ሰዓብቲ ክርስቶስ እንብሃል፣ ነዚ ብቓልን ብግብርን ን "**ፍቓድ ኣቡኡ**" ምእዙዝ ዚነበረ ጐይታ ብምርኣይ፣ ኣብ ኵሉ ህይወትና፣ ኣብ ኵሉ ቦታን ጊዜን፣ እሙናት ሰዓብቱ ብምዃን ን "**ፍቓድ ጐይታ**" እንነብር ክንከውን መንፈሳዊ ሓላፍነትና እዩ።

## 3. <u>ሰይጣን በቲ ምርኡይ ሃዋርያ ጌይሩ ዘፈተኖ ፈተና</u>

ሰይጣን በቲ ምርኡይ ዚኾነ ሃዋርያን ሰዓቢ ክርስቶስን ዚኾነ ጴጥሮስ ከይተረፈውን፣ ንሰጋ ጽቡቕ ብዝመስል ሓሳብ፣ ካብ ፍቓድ ኣቦ ንኽወጽእ፣ ንኢየሱስ ክርስቶስ ተዋጊእዎ እዩ። ጐይታ የሱስ፣ ነፍሲ ወከፍ ትርግታ ልቡን፣ ሓሳብ ኣእምሮኡን፣ ስጉምቲ ኣእጋሩን፣ ምርኣይ ኣዒንቱን፣ ምስማዕ ኣእዛኑን "ፍቓድ ኣቦ" ዚብል ስለ ዚነበረ፣ ነቲ ጽቡቕ



***ኢሉ ኢዱ ናብ ደቀ መዛሙርቱ ዘርጊሑ፣ ኣደይን ኣሕዋተይንሲ እነዉ፣ በለ።" (ማቴ 12:49-50)።***

***"እቶም ውሉድ ስጋን ደምን ዝለበሱ ሰብ ስለ ዝኾኑ፣ ኢየሱስውን ከምኦም ሰብ ኰነ፣ እዚ ኸኣ ብሞቱ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሞት ስልጣን ዘለዎ ዲያብሎስ ምእንቲ ኺስዕር፣ ነቶም ብናይ ሞት ፍርሃት ምሉእ ዕድሚኦም ባራዩ ኰይናም ዝነበሩ ኸኣ ሓራ ምእንቲ ኼውጽእ ኢሉ እዩ። ከመይ ብሓቂ፣ ንዘርኢ ኣብርሃም እምበር ንመላእኽቲ ኬድሕን ኣይመጸን። ስለዚውን ንሕሩሕን እሙንን ንኣምላኽ ዚገልግል ሊቀ ካህናት ምእንቲ ኪኸውን፣ ንሓጢኣት ህዝቢ እውን ሰርየት ምእንቲ ኬውህብ ነቶም ኣሕዋቱ ብዅሉ ኺመስሎም ተገብኦ። ንሱ ባዕሉ ኺፍተን ከሎ ተሳቕዩ እዩ እሞ፣ ነቶም ዚፍተኑ ኪረድኦም ይከኣሎ እዩ።" (እብ 2:14-18)።***

## 2. <u>ሃዋርያ ጳውሎስ ንፍቓድ ኣምላኽ ዚነበሮ ምእዛዝ</u>

ሃዋርያ ጳውሎስ ቅድሚ ኣብ ምሉእ ፍቓድ ኣምላኽ ምእታዉ፣ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ኣዝዩ ዚረሓቐ ህይወት ከም ዚነበሮ፣ መጽሓፍ ቅዱስና ዚምስክሮ ሓቂ እዩ። ህይወቱ ንፍቓድ ኣምላኽ ዚጻረር ምንባሩ ከኣ፣ ንክርስቶስን ንቤተ ክርስቲያኑን ብዝነበሮ ምጽራር እዩ ተገሊጹ ዘሎ። ነቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ካብ ጥንቲ ካብ ዘለኣለም ዝመደቦ ብሉጽ መደብ ምድሓን ሰብ፣ ብበጃነት ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ካልኦት ኵሎም ጻሓፍትን ፈሪሳውያንን ኣብ ገሊኡውን ሓለፋኦም፣ ብኹሉንትንኡ እዩ ተጻሪርዎ። ኣብ ቅትለት እቲ ቀዳማይ ሰማእት ዚኾነ እስጢፋኖስ ሰሚሩ ምንባሩ፣ ብድሕሪ ሞት ናይ እስጢፋኖስውን ነታ ማሕበር ኣምላኽ ፍጹም ንምጥፍኣ ተላዒሉ ከም ዚነበረ ቃል ኣምላኽ ዚምስክሮ ሓቂ እዩ (ግ.ሃ 7:54-60፣ 8:1-3፣ 9:1-2, 13-14)።

***"'ክርስቶስ ኢየሱስ ንሓጥኣን***

ተሰቂሉ፣ ብሾናት ተወጊኡ፣ መጺጽ ብምስታይ እዩ ኣብ ሞት በጺሑ። ጐይታ ነዚ ኽምዚ ዚበለ “መሪር ጉዕዞ” ናይ ህይወት እዩ ከምዚ ኢሉ ብምጽላይ ንእግዚኣብሄር ኣቦ ኣብ ህይወቱ ኬሰምሮ ዚኻኣለ ፦

*“ቍሩብ ርሕቕ ኢሉ ብገጹ ተደፊኡ ጸለየ፣ “ኦ ኣቦይ እዚ ዚከኣል እንተ ኾይኑስ፣ እዛ ናይ መከራ ጽዋእ እዚኣ ካባይ ትሕለፍ። እንተኾነ ከም ፍቓድካ ደኣ ይኹን እምበር ከም ፍቓደይ ኣይኹን” እውን በለ።” (ማቴ 26:39,42)*

“**ፍቓድ ኣምላኽ**” ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ካልእ ፍቓዳት ብሉጽን ሰናይን ፍቓድ ስለ ዝኾነ፣ ነፍሲ ወከፍ ክርስቲያን ***“ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማይ፣ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን።”*** ኢሉ ኪጽሊ ከም ዘለዎ ጐይታ የሱስ ምሂሩ እዩ። እዚ ቓል እዚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ፍቓድ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ካብ ዝኾነ ይኹን ካልእ ፍቓድ ንኣና እቲ ዚበለጸ ምዃኑ እዩ ዜረድኣና (ማቴ 6:10፣ ኤር 29:11፣ መዝ 40:5፣ ኢሳ 55፡12)።

ንፍቓድ ኣምላኽ ምግባርን ዘይምግባርን ምስቲ ዘለዎ ዓስቢ ኣዛሚዱ ጐይታ የሱስ ኪምህር ከሎ፡- ***“ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ዚገብር ደኣ እምበር፣ ጐይታይ፣ ጐይታይ፣ ዚብለኒ ኹሉ፣ መንግስተ ሰማያት ዚኣቱ ኣይኮነን።” (ማቴ 7:21)*** ። ጐይታ የሱስ መንግስቲ ኣምላኽ “ብምባል” ዘይኮነስ “ብምግባር” ከም እትእቶ እዩ ብንጹር ምሂሩ። ስለዚ፣ ፍቓድ ኣምላኽ ንህይወትና ግቡእ ምዕራፍ ኣብ ምብጻሕ ግደ ካብ ሃለዎ፣ ክንፈልጦን ክንእዘዞን ግድን ከድሌና እዩ። የሱስ ክርስቶስ ንፍቓድ ኣምላኽ ብምግባሩ ሓውና ኪኸውን ከም ዝኻኣለ፣ ንሕና ድማ፣ ንፍቓድ ኣምላኽ ብምግባርና ጥራይ ኢና ኣሕዋቱ ክንከውን እንኽእል፣ እዚ ክንገብር እንተ ዘይኪእልና ግን፣ ምስ ክርስቶስ ዝኾነ ዝምድና ኣይክህልወናን እዩ (ማቴ 12:49-50፣ እብ 2:5-18)።

***“ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ዚገብር ዘበለ ኹሉ፣ ንሱ ሓወይን ሓብተይን ኣደይን እዩ፣***



ዚመስል ግን ከኣ ክፉእ ዚኾነ ሓሳብ ሰይጣን ኣለልዩ ኪጻረሮን ኪጉሕፎን ጊዜ ኣይወሰደሉን። ሰይጣን ዋላ እኳ ብጆካ ኪሰርቅን ኪሓርድን ኬጥፍእን ኢሉ ኣይመጽእን እዩ ተባሂሉ እንተ ተጻሒፈሉ፣ ኣመጻጽኡ ግን ኣዝዩ ኬሰድዕ ዜኽእሎ ጥበብ ሒዙ ስለ ዚመጽእ፣ ኣብ ምስራቅን ምሕራድን ምጥፋእን ዚበጽሕ

**ጐይታ የሱስ፣ ነፍሲ ወከፍ ትርግታ ልቡን፣ ሓሳብ ኣእምሮኡን፣ ስጉምቲ ኣእጋሩን፣ ምርኣይ ኣዒንቱን፣ ምስማዕ ኣእዛኑን “ፍቓድ ኣቦ” ዚብል ስለ ዚነበረ፣ ነቲ ጽቡቕ ዚመስል ግን ከኣ ክፉእ ዚኾነ ሓሳብ ሰይጣን ኣለልዩ ኪጻረሮን ኪጉሕፎን ጊዜ ኣይወሰደሉን።**

ዕላማ ዘለዎ ኣይመስልን እዩ።

እቲ ፈታኒ ንሓሳባቱ ብሓሳባቱ ዘይኮነስ ብደረጃ “ሓሳብ ሰብ” ጌይሩ ኬቕርቦ ምፍታኑ በቲ ሓደ ወገን፣ ነቲ ምርኡይ ሃዋርያ ጴጥሮስ ማለት ንመንነት ክርስቶስ ካብ ላዕሊ ካብቲ ሰማያዊ ኣቦ ምግላጽ ዚረኸበ ሰብ ምጥቃሙ ከኣ በቲ ካልእ ሸነኽ፣ ውዲቱ ማዕረ ኽንደይ ኣዝዩ ረቂቕ ምንባሩ ንምርድኡ ዘሸግር ኣይኮነን። ኢየሱስ ግን **“ካባይ ርሓቕ፣ ሰይጣን፣ ናይ ሰብ እምበር ናይ ኣምላኽ ኣይትሓስብን ኢኻ እሞ፣ ንኣይ መዓንቀፊ ኢኻ።”** ኪብሎ ከሎ ኢና እንርኢ (ማቴ 16:13-23)። መሰረት ናይ ጐይታ፣ እቲ ዘጸንዐ መሰረት ማለት “**ፍቓድ ኣምላኽ**” ዚብል ስለ ዚነበረ፣ ሰይጣን ዚኾነ ሜላ ይጠቀም ኪስዕሮ ከም ዘይክኣለ ኢና እንርዳእ።

ክርስቲያን ዘበለ ኹሉ፣ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጺኡ፣ ኣብ ቀጽሪ እቲ ምስራቕን ምሕራድን ምጥፋእን ብቀጥታ ኪኣቱ፣ ቀዳማይ ጻዕሪ ናይ እቲ ፈታኒ እዩ። እንተ ዘይክኢሉ ከኣ “ሓሳብ ሰብ” ብምሕሳብ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ኬውጽኦ ካልኣይ ጻዕሩ እዩ። ዕላማ ሰይጣን ነቲ

ቀዳማይ ጸዕሩ ድዩ ወይሲ ነቲ ካልኣይ ጸዕሩ ተጠቂሙ፡ ክርስቲያ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ንምውጻእ እዩ። "ሓሳብ ሰብ" ካብ ንሓሳብ ኣምላኽ ንሓሳብ ሰይጣን ከም ዚቀርብ፡ ጐይታ የሱስ ይኹን ባዕሉ ሰይጣን ኣርጊጾም ዚፈልጥዎ ሓቂ እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ሰይጣን ን "ሓሳብ ሰብ" ዕላምኡ ንምህራም ኪጥቀመሉ ከሎ፡ ጐይታ ግና ፍጹም ብዘኾነ ምቅዋም ኪቃወሞ ከሎ እንርኢ። ቃል ኣምላኽ፡ ሓሳብ እግዚኣብሄር ካብ ሓሳብ ሰብ ኣዝዩ ዝራሓቐን ዝተፈልየን ምኳኑ እዩ ዚነግረና (ኢሳ 55፡ 8,9)

ጐይታ በቲ ቀዳማይ ይኹን ካልኣይ ጸዕሪ ናይ ሰይጣን ተታሊሉ፡ ንፍቓድ እቲ ዚላኣኾ ኣቦ ኣብ ሓደጋ ኬውድቖ ከሎ ኣይንርእን ኢና። እኳ ደኣ ብኣንጻሩ ንኹሉ ጥበብ ሰይጣን ሰዒሩ፡ ንፍቓድ ኣቦኡ ኪፍጽም ከሎ ኢና እንርእዮ። ክርስቲያን ኣሰር ናይ ክርስቶስ ምስ ዚስዕብ ማለት ንሓሳብ ሰይጣን ጥራይ ዘይኮነስ ንሓሳብ ሰብውን ምስ ዚስዕሮ ጥራይ እዩ ክርስቲያን ተባሂሉ ኪጽዋዕ ዚኽእል። እንተ ዘይኮይኑ ን "ሓሳብ ሰብ" ብዙሕ ግምት ከይሃብካ ን "ሓሳብ ሰይጣን" ጥራይ ተቓዊምካ ደው ኢለ ኣሎኹ ኢልካ ምሕሳብካ፡ ኣብ ቅድሚ ጐይታ ክርስቲያን ተባሂልካ ንኽትጽዋዕ ዘየብቕዓካ ምኳኑ ጊዜ ከሎካ ክርዳኣካ ጽቡቕ እዩ።

**ክርስቲያን ዘበለ ኹሉ፡ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጺኡ፡ ኣብ ቀጽሪ እቲ ምስራቕን ምሕራድን ምጥፋእን ብቀጥታ ኪኣቱ፡ ቀዳማይ ጸዕሪ ናይ እቲ ፈታኒ እዩ። እንተ ዘይክኢሉ ከኣ "ሓሳብ ሰብ" ብምሕሳብ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ኬውጽኦ ካልኣይ ጸዕሩ እዩ።**



ኢየሱስ ክርስቶስ ን "ሓሳብ ሰብ" ኪገልጾ ከሎ ከምዚ ብምባል እዩ ዚገልጾ *"ሽዑ የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ በሎም፡ ንህይወቱ ኬድሕና ዚደሊ ኺጥፍኣ እዩ። እቲ ንህይወቱ ምእንታይ ዜጥፍኣ ኸኣ ኪረኽባ እዩ እሞ፡ ኪሰዕበኒ ዚፈቱ እንተሎ፡ ህይወቱ ቐቢጹ፡ መስቀሉ ኣልዒሉ ይሰዐበኒ።" (ማቴ 16:24-25)።* እቲ ምሉእ ፍቓድ ኣምላኽ፡ ንህይወትካ ምእንቲ ክርስቶስ ከተጥፍኣ፡ ማለት ክሳዕ ሞት እሙን ክትከውን ምኽኣል እዩ። ብሕጽር ዝበለ ኣገላልጻ "ሓሳብ ሰብ"፡ ን "ፍቓድ ኣምላኽ" ምሉእ ብምሉእ ንምንባሩ ዚቃወም፡ ብገለ ኽፋሉ ንምንባሩ ግን ዚቕበል ማለት እዩ።

ጐይታ ነታ ዝመረረት ጽዋእ ሞት ንኽሰቲ ኣብ ዚቐራረበሉ ዚነበረ ጊዜ እኳ ከይተረፈ ንፍቓዱ ዘይኮነስ ንፍቓድ ኣቡኡ እዩ ኣቀዲሙ። ጽዋእ ሞት ማዕረ ኽንደይ መሪር ምኳኑ ነፍሲ ወከፍ ብዛዕባ ሞት ኣፍልጦ ዘለዎ ሰብ ንምርድኡ ዜሸግር ኣይኮነን። ብፍላይ ከኣ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ሞት ፍልይ ዝበለ ሞት እዩ ዚነበረ። ምኽንያቱ ብሕሱም መግረፍቲ ተገሪፉ፡ ተጸፊዑ፡ ተጋፊዑ፡ ጡፍ ተባሂሉሉ፡ ኣኽሊል እሾኽ ኣብ ርእሱ ተደፊኡሉ፡ ብጥሚትን ጽምእን ተቀጺዑ፡ ሓሳውን ሓጥእን ስምረት ኣምላኽ ዘይብሉን ተባሂሉ፡ ክዳኑ ተቖንጢጡ፡ ኣብ መስቀል

**ጐይታ የሱስ መንግስቲ ኣምላኽ "ብምባል" ዘይኮነስ "ብምግባር" ከም እትእቶ እዩ ብንጹር ምሂሩ። . . . የሱስ ክርስቶስ ንፍቓድ ኣምላኽ ብምግባሩ ሓውና ኪኸውን ከም ዝኻኣለ፡ ንሕና ድማ፡ ንፍቓድ ኣምላኽ ብምግባርና ጥራይ ኢና ኣሕዋቱ ክንከውን እንኽእል፡ እዚ ክንገብር እንተ ዘይኪእልና ግን፡ ምስ ክርስቶስ ዝኾነ ዝምድና ኣይክህልወናን እዩ።**